In memory of YOHANNES TEKLE DRAR

ኣቱም KENYA ሰሚዕኩም'ዶ ወረ፡

ብፃይ ዮሃንስ ዓረ፡
ብሓርበኛ ንጥፈታቱ ዝልለ ፡፡
ለዋህ ከም ወላዲት ኤረ፡
መዓንጣ ሕፁብ ከም ኩሎም ደቂ ኤረ፡

ዓወት ንሓፋሽ --- መለለይኡ ፡፡
ተወፋይነት --- ዝሕመረቱ፡
ብጻይነት --- ዝመቕነቱ፡
"ዓወት ናይ ግድን'ዩ" --- ዝአምነቱ፡፡
ወገናውነት --- ዘይፈቱ፡፡
"ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ ፡ ብቖልጽም ሓፋሽ ፈሻሊ" ዝመዝሙሩ፡
"ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንሰማዕታትና" ዝፀሎቱ፡

ብጻይ ዮሃንስ ብርለ፡
ኣብ ጉባኤ ሳሕል ዝዓሰለ
ኣብ ቦሎኛ ምስ ሓፋሽ ዝደበለ
ዋህዮታት KENYA ዝወደበ፡ ዘንቀሐ ፡
ኣብ EASTLEIGH, WESTLAND, LANGATA, NGONG ሓፋሽ ህዝቢ ዝጠርነፈ፡
ሰሚዕና ገዲፉና ከምዝከነፈ፡
ምስ ሰማዕታት ብጾቱ ክሕወስ ኣብዛ ዓለም ከይዓረፈ።
መበል ዕስራ ዓመት ናጽነት ዓለለ፡፡

ዮሃንስ መትከላዊ ብጻየይ፡
ብዛዕባ ሰውራ ኤርትራ መምህረይ፡
ደሓን ኩነለይ፡፡

ጀጋኑ ሰማዕታትና ንብጻይኩም ዮሃንስ ተቀበልዎ
ጽምዋ ኣይፈቱን ' ዩ ኣደሳድስዎ።
ስቲ ሰምሃር ነስንሱሉ
ናጽነት 20 ዓመት ሓቢርኩም ኣጸንብልዎ ፡፡

ሳባ ምስ ደቅኺ፡ ጽንዓት ይሃብኪ ፡፡

ሰላማዊት ትካበ
ቨርጂንያ